



# ምርሑብ ኢኻ!



ሓደ ሓደ ወለዲ ኣብ ናይ ሽወደን ወለድቲ ምኧን ዝተሳተፍ ከም’ዚ ይብሉ።

ክትዛረብን ሓደሽቲ ቃላት ክትመሃርን ጽቡቕ

ኣደ፡ 24 ዕድመ

ሕቶታት ከተቕርብ ጽቡቕ

ኣደ፡ 47 ዕድመ

ኣገደስቲ ኣርእስትታት

ኣቦ፡ 45 ዕድመ

ሰናይ ሓደ ኣብነት ክትወሃብ

ኣቦ፡27 ዕድመ

ብጉጅለ ክትራኸብ ጽቡቕ ነይሩ

ኣደ፡ 32 ዕድመ

ብዛዕባ ናይ ቆልዓ ዋዕላ ቅድሚ ጉሂ ዝሓበረ ሰብ የለን

ኣደ፡ 38 ዕድመ

| **ዝያዳ ሓበሬታ** |
| --- |
| |
| |

# ኣብ ሽወደን ወለዲ ምኧን

## ብዛዕባ ኣብ ሓደ ሓድሽ ሃገር ወለዲ ምኧን - ናይ ማሕበረሰብኣዊ ሓበሬታ ብጉጅለ



Stockholms stad

## ኣብ ሽወደን ወለዲ ምኳን

ኣብ ካልእ ዘይዓበኻሉ ሃገር ወላዲ ምኳን ናብ ብዛዕባ ሕብረሰተብን ናይ ስድራቤት ሂወትን ሕቶታት ክኸትል ይኽእል።

ወላዲ ምኳን ኣብ ሽወደን ነዓኻ ኣብ ወጻኢ ዝተወለድካ ቆልዑት 0-18 ዝዕድመኦም ዘለውኻ ከምኡ’ውን ብዛዕባ ናይ ሽወደን ሕብረተሰብ ክትፈልጥ እትደልይ እዩ።

እቲ ናይ ወለዲ ርኽክባት ብዛዕባ ናይ ስድራቤት ሂወት ኣብ ሽወደን እዩ። ሓደ ካብ’ቲ እነዘውትሮ ማተሪያል ናይ ቆልዓ ዋዕላ እዩ ከምኡ’ውን እቲ ትሕዝቶ ናይ’ቲ ርኽክባት ብዝርርባትኩምን ሕቶታኩምን እዩ ዝምራሕ።

ኣብ ሓሙሽተ ኣጋጣሚታት ን2,5 ሰዓታት ምስ ካልኦት ወለዲ ትራኸብ ከምኡ’ውን ብዛዕባ ዝተፈላለየ ኣርእስቲ ክትዛራረብ ትኽእል።

እቶም ናይ ወለዲ ርኽክባት ብምሁራት ናይ ጉጅለ መራሕቲ ይምርሑ ከምኡ’ውን ነፍሲ ወከፍ ጉጅለ 10-15 ተኻፈልቲ ኣለውዎ።

እቲ መደብ ብ ፕሉስ እዩ ማዕቢሉ፡ ናይ ከተማ ስቶኮልም ናይ ማሕበረስብኣዊ ምምሕዳር ምስ ናይ ኣውራጃ ስቶኮልም ኣውራጃዊ ምምሕዳር ተሓባብርነት።

እቲ ትሕዝቶ ብዛዕባ ወላዲ ምኳን ካብ መጽናዕትን ካብ ናይ ሕቡራት መንግስታት ናይ ቆልዓ ዋዕላን እዩ ዝብገስ። እቲ ማተሪያል እውን ኣብ ድህሰሳታት ብዛዕባ ኣብ ወጻኢ ዝተወልዱ ወለዲ ብዛዕባ ሽወደን ኣየናይ ሓበሬታ ከምዝምነዩ እዩ ዝህነጽ።



## ትሕዝቶ

**ርኽክብ 1 - ስድራቤት ኣብ ሓደ ሓድሽ ሃገር**
እቲ ርኽክብ ብዛዕባ እቲ ናይ ሽወደን ሕብረተሰብ ከመይ ከምእተቐየረ፡ ብዛዕባ ኣብ ሓደ ሓድሽ ሃገር ስድራቤት ምኳንን ብዛዕባ ናይ ቆልዑት መጻእን እዩ።

**ርኽክብ 2 - በት ትምህርቲ፡ ኣወዳትን ኣዋልድን**
እቶም ቆልዑት ንቅድመ ትምህርቲ ክኸዱ ከለው እቶም ወለድን ቤት ትምህርትን ብኸመይ ክሕግዝዎም ይኽእሉ? ኣብ መንጎ ኣወዳትን ኣዋልድን ማዕረ ’ዶ ወይ ዘይማዕረ ኢና ንገብር?

**ርኽክብ 3 - ጥዕናን ክንክን ሕማምን**
ከም ስድራቤት ጽቡቕ ንኽትህሉ ከምኡ’ውን እንድሕር ቆልዓ ወይ ሓደ ሰብ ካብ’ቲ ስድራ ሓሚሙ እንታይ ትገብር?

**ርኽክብ 4 - ናይ ወለዲ መሰልን ግዴታን**
ከም ወላዲ እንታይ ደገፍ ክትረክብ ትኽእል ከምኡ’ውን ኣየኖት መሰላት እዮም እቲ ቆልዓ ዘለውዎ? ኣብ መዓልታዊ ሂወትና ብጭንቀት ብኸመይ ንጽሎ?

**ርኽክብ 5 - ናይ ሓደ ጎርዞ ወላዲ ምኳን**
ንጎርዞ ውላድካ ብኸመይ ትድግፎ? ብዛዕባ ከም ትምባኾ/ሽጋራ፡ ናርኮቲክስ/ሓሽሽ ከምኡ’ውን ብዛዕብ ፍቕሪ ኣብ እዋን ጉርዝና ኢና ንዛራረብ።